# ጉዳይ ምንጻር ዶባት ቁጽሪ ሓደ ካብ ቀዳሞት ኣጀንዳታት ክኸውን ይግባእ።

ልኡላውነት ከበሃል እንከሎ፡ ንመሬት ጥራሕ ኣይኮነን ወይ ድማ ሰቕ ኢሉ ንስለ ምባል ዝበሃል ኣይኮነን። ልኡላውነት ክበሃል እንከሎ ገለ የወሃትን ከም በዓል ኢሳያስን መጋበርያኡ ጠቕመ ፈሊጣውያን መደናገርትን ከም ድላዮም ከም ዝገልጽዎ ኣይኮነን። ልኡላውነት መሬት ድሕሪ ክብረትን ልኡላውነትን ህዝቢ ዝስራዕ ኮይኑ፡ ሽዑ ንሽዑ ምስ ዋንነት ህዝቢ፡ ክብረት ህዝቢ፡ መንነት ህዝቢ፡ ሃይማኖት ህዝቢ፡ ቁጠባዊ ልምዓት ህዝቢ፡ ነጻነትን ሓርነትን ህዝቢ ተኣሳሲሩ ዝኸይድ'ዩ። መሬት ዓደቦ/ዓዲ'ኖ ይህሉ'ሞ ደረጃ ብደረጃ ናብ ሃገር ይምዕብል። ናይ ፖለቲካ ስነ-ፍልጠትን ተመራመርቲ ቅርጽን ትሕዝቶ መሬትን ከም ዝብልዎ፡ ሃገር ዝበሃል ናይ ገዛእ ርእሱ ማእከላይ መንግስቲ ዘለዎ፡ በርባዕቲኡ መኣዝን ስፍሓቱን መዳውብቱን ዝተነጸረ ኣህጉራዊ ተፈላጥነት ድማ ዘለዎ ኣብ ሕጋዊ ካርታ ወይ ሰነድ ዝሰፍረየ'ዩ ይብሉ። በዚ መሰረት፡ ሓደ ህዝቢ ወይ ከም ናይ ኤርትራና ሕብረ ብሄር ህዝብታት ዝነብርሉ ግዝኣት ወሰኑ ብወግዒ ዝተኸለለ ክኸውን ኣለዎ ይብሉ እዮም ምሁራት።

ካብ'ዚ ኣረዳድኣን ኣሰራርሓን ተበጊሱ ድማ'ዩ ሃገራት መልከዓ ምድራዊ ስፍሓተ ቆርበተን ምድራዊ ማያዊ ኮነ ሰማዊ ክሊ ኣየረን ተፈሊጡ፡ መንግስታት ክሊ ግዝኣቶም ከመሓድሩ፡ ከልምዑ፡ እንተነፈዮም ከኣ ብስምምዕ ዶባት ብዘይጥሕስ ኣገባብ ምስ ካልኦት ተዛሚዶምን ተሻሪኾምን ክኸዱን ክነብሩን ዝረኣዩ። ዶባት ከይተነጸረ ብስጋ ኣሕዋት ኢና፡ ብሃይማኖት ሓደ ኢና፡ ብቛንቋ ንራኸብ ኢና፡ ባህልና ተመሳሳሊ'ዩ። ደረጃ ዕቤትና ብድሕረትን ድኽነትን ዝግለጽ'ዩ። ስለዚ ኩሉ ገዲፍና መታን ብሓባር ክንዓቢ ብሓባር ንስራሕ ዝበሃል፡ መበገሲኡ እንታይ ይኸውን ዋናታቱ ዝምልስዎ ኮይኑ፡ ውጽኢቱ ግን ብገምጋም ኣንጻር ናይ'ቲ ዝበሃል ዘሎ'ዩ።

ሃገር ተጎቢጣ ተባሂሉ ካብ ኣርበዓታት ክሳብ 1991 መሪር ቃልሲ ተኻይዱ። ልኡላውነት ሃገር ብመንገዲ ረፈረንዶም ምስተረጋገጸ ድማ፡ ኣብ 1998 ዶብና ተወሪሩ ተባሂሉ ክሳብ 2000 ኣብራሲ ኲናት ተኻይዱ። ህይወት ሰብ ጠፊኡ። ሃብቲ ሃገር ተሃሚኹ። ውሳነ ቤት ፍርዲ ብዘይዝኾነ ቅድመ ኩነት ወይ ብቛንቋ ህግደፍ ሰራዊት ወያነ ካብ ባድመ ብምውጻእ ይትግበር ዝብል መሕብኢ በዓቲ ድማ እነሆ ንልዕሊ 16 ዓመት ፖለቲካዊ ምስሊ ሃገር ዓይኑ፡ ህዝቢ ኣብ ሰለሎ ክኣቱ ገይሩ ጸኒሑ። ሕጂ ድማ ሓድሽ ናይ በለጽ ንፋስ መጺኡ። ዶብ ትርጉም የብሉ ክልተ ኣይኮነን ሓደ ኢና ዝብል።

እዛ ንነብረላ ዘለና ዓለም'ኮ ብሃገራት ዝቐመት'ያ። እተን ሃገራት ድማ ብዶባት ዝተፈላለያ'የን። ንኣብነት፡- ኬንያ ምስ ታንዛንያ፣ ጀርመን ምስ ዴንማርክ፣ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ምስ ካናዳ ….ወዘተ። ከመይ ደኣሞ ሕጂ ዶብ ትርጉም የብሉን ክልተ ኣይኮናን ሓደ ኢና ዝብል መዝሙር መጺኡስ፡ ሰራዊት ወያነ ከይወጽአ፡ ልኡላውነትና ከይተኸብረ ኣይትበሉ፡ ተደሚርና ጥራሕ ዘምሩ ይበሃል ኣሎ? ሰራዊት ወያነ ወጺኡ ዶብ ከይተመልከተ ክትብል ጸኒሕካ፡ ንሱ ረስዕዎ ብሓደ ክንዓቢ ዘለና ግን ከኣ ብዝኾነ ኣጋጣሚ ብሓደ ወርቃዊ ግዜ ዝኸሰርና ህዝብታት ስለ ዝኾና፡ ቀዳምነት ንህቦ ልምዓታዊ ምትሕብባርን ውህደትን'ዩ ማለት እንታይ ማለት'ዩ? ድጉል ሓዊ ከየጥፋእካ ዶባት ከየነጸርካ ክልተ ኢና ግን ከኣ ክልተ ኣይኮነን። ዘይተፈትሐ ጉዳይ ኣለና ግን ክውንዘፍ ስለ ዝረኣና ባእሲ የብልናን እንታይ ዝብልዎ ፖለቲካዊ ምሕደራ'ዩ?

ንኤርትራ ዝመርሕ ዘሎ ውልቀ ሰብ ማለት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ካብ መስመር ሕጊ እንተኸደ፡ እቶም ምስኡ ዝራኸቡ መራሕቲ መንግስታት ኢትዮጵያ፣ ሶማሊያ፣ ጅቡቲ፣ ሱዳን ኣይፋል ሕጋዊ መንገዲ ንከተል፡ ብሓባር ክንዓቢ ኣብ ልኡላዊ ግዝኣትና መሰረታዊ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት ዝኽበረሉ፡ ልዕልና ግዝኣተ ሕጊ ዝሰፍነሉ፡ ህዝቢ ብሕግን ብተግባርን ወናኒ ፖለቲካዊ ስልጣኑ ዝኾነሉ ባይታ ክንፈጥር ኣለና። ኣብ መንጎና ዘሎ ዶብ ዝጠንቁ ዘይምቅዳው ቀዳምነት ሂብና ንፍታሕ ዘይብሉ እንታይ ኮይኖም? ዋላ ንሳቶም

ኣኣብ ሃገሮም ሕጋውያን ህዝባውያን ይኹኑ፡ ንዘይሕጋውን ንዘይህባውን ብሓደ ሰብ ዝምራሕ መንግስቲ ህግደፍ ዝኸተሎ ግልቡጥ ኣገባብ ኣካይዳ ዘተባብዑ እንተደኣ ኮይኖም ገዛእ ርእሶም'ዮም ኣብ ምልክት ሕቶ ዘእትው ዘለው።

ኢሳያስ ንህዝቢ ኤርትራ እንተደልዩ ዶብን ልኡላውነት ምኽንያት ገይሩ ኣብ ኲናት የእትዎ። እንተደልዩ ዶብ ተመልከተ ኣይተመልከተ ትርጉም የብሉን ኤርትራን ኢትዮጵያን ክልተ ሃገር ክልተ ህዝቢ ዘይኮነ፡ ሓደ ህዝቢ'ዩ ክብል ከምዘይእግሞ ብተግባር እናፈለጡ፡ ምስኡ ሓቢሮም ክኸዱ ከም ምርጫ እንተወሲደሞ፡ ምስ ሓደ ሰብ ኢሳያስ 'ምበር ምስ ህዝብታት ኤርትራ ብሕጊ ብርድኢት ይዛመዱ ከምዘየለው፡ ህዝቢ እንታይ ወሪድዎም ደድሕሪ ዕቡድ ዝስዕቡ ኢሉ ይሓሚ ከም ዘሎ ክፈልጡ ምሕባር። እናፈለጡ የዋጽኣና ኢሎም ይኸዱ እንተሃልዮም ከኣ፡ ዋጋ ዘኽፍል ምኻኑ ኣቐዲምካ ምንጋሮም ጽቡቕ ይመስለኒ። ምስ ዑደት ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ናብ ገለ ሃገራት ኤውሮጳ ተኣሳሲሩ፡ ዝምድናኻ ምስ መን ዝብል መልእኽቲ ንምምሕልላፍ ኣብ ኤውሮጳ ዝቐመጡ ኤርትራውያን ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ዝዳለውሉ ሰላማዊ ሰልፊ ንኣብነት ሓደ ካብ'ቲ ዝኸፍአ ከይመጽእ ቅኑዕን ሓላፍነታውን መረዳእታ ምሃብ ክውሰድ ይከኣል።

ዘመንፈስ ሊላይ

ኢንቴቤ፡ ካናዳ

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 17-10-2018